

# ብስምዒ ዝተሰርሑ ቆልዑት

Southern African Folktale

Wiehan de Jager

Daniel Berhane Habte

2

ትግርኛ ti



ሓደ እዋን፡ ሓንቲ ሕጉስቲ ስድራ ነበረት።

ንሓድሕዶም ብፍጹም ተባኢሶም ኣይፈልጡን። ኣብ ቤት ኮነ ኣብ በረኻ ንወለዶም ይሕግዝዎም ነበሩ።





ጥቓ ሓዊ ክቐርቡ ግን ኣይፍቀደሎምን ነበረ።



ኲሉ ስርሓቶም ኣብ ግዜ ምሸት የካይድዎ ነበሩ። ምኽንያቱ ብስምዒ እዮም ተሰሪሖም።



ሓደ ካብቶም ኣወዳት ግን ብግዜ ብርሃን ጸሓይ ክወጽእ ባሃገ።



ሓደ መዓልቲ ባህጉ ምሒር ሓየሎ። ኣሕዋቱ ኣጠንቀቕዎ…



ግን እንታይ ይዓብስ! በታ መሬር ጸሓይ መኺኹ።



እቶም ብስምዒ ዝተሰርሑ ቆልዑት ሓዎም ክመክኽ ከሎ ርእዮም ኣመና ጉሃዩ።



ሓደ መደብ ግን ገበሩ። ነቲ ዝመኸኸ ስምዒ ቀሪጾሞ ሓደ ዑፍ ሰርሑ።



ነቲ ዝቖረጽዎ ዑፍ ሓዎም ናብ’ቲ በሪኽ ጎቦ ወሰድዎ።



እታ ጸሓይ ምስበረቐት ድማ፡ ናብ’ቲ ናይ ወጋሕታ ብርሃን እናዘመረ ነፊሩ ከደ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ብስምዒ ዝተሰርሑ ቆልዑት


Southern African Folktale

Wiehan de Jager

Daniel Berhane Habte


CC BY